# ኣስተውዕል ! ኤርትራዊ መንእሰይ

ኤርትራ ኣሽሓት መንእሰያት ደቓ ደሞምን ዓጽሞምን ሳላ ዝኸፈሉላ ሓርነታ ረኺባ ክብርትን ዘይትድፈርን ሃገር ኮይና ዘላ። ሎሚ ውን ክትለምዕን ክትምዕበልን እንተኾይና እቲ ቀላሲ ሓይሊ ናይ መንእሰይ ስለ ዝኾነ ከምቲ ትማሊ ደሞም ዝኸፈሉላ ሎሚ ውን ጉልበቶምን ረሃጾምን ብምክፋል ንዕቤታን ንኽብረታን ብልጽግቲ ሃገር ንኽትኸውን ኣበርቲዕም ዝሰርሑን ዝመሃሩን ዝጋደሉን ዘለዉ ክብርን ሞጎስን ንዕኦም ይኹን።

**ኣስትውዕል መንእሰይ፣** እዚ ጸውዒት ነቶም ዉሑዳት ኣብ ወጻኢ ኣብ ሃገር ስደት ኣብ እንዳማቶም ብመደብ ወይ ብዘይምፍላጥ ብድንቁርንኦም ተጎቲቶም መሳርሒ ኮይኖም ኣጀንዳ ጸላኢ ዘተግብሩ ዘለዉ፡ ኣንጻር ሃገሮምን ህዝቦምን መንግስቶምን ብዝተፈላልየ ኣገባብ ዝጽይቑ ዘለዉ ምኽንያ ከስምረሉ ይድሊ።

እዞም ጸየቕቲ ወይ ተጻባእቲ ኣብ ክልተ ይኽፈሉ፣

1. **ብፍላጥ ብመደብ፣** ንዕንወት ኤርትራ ዘንቀሉ ንድሕሪት ዘይምለሱ ብኹሉ መለከዕታት ምስ ቀዳማይ ጸላኢ ዝተሰርዑ ዕሱባት ናይ ገንዘብ ረብሓ ናይ ነጋዶ ናይ ፖሎቲካ ኮይኖም ክሳብ ኣብ ዓለም ዘለዉ ብኽምኡ ዝነብሩ፡ ፍላስፋታት ናይ ሓሶትን ምድንጋርን ኮይኖም ምስ ወያነ ኢድን ጓንትን ተተሓሒዞም ዝሰርሑ ዘለዉ፡ ኩሉ ኣብ ወጻኢ ብሶሻል ሜድያ ኣንጻር ኤርትራ ዝካየድ ስነኣምራዊ ኩናት ዘካይዱ፡ ወያነን ካልኦት ናይ ወጻኢ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ርእስኻ ምኽኣል ፖሊሲ ዘይውሓጠሎም መንግስታትን ውድባትን ብዝተኾቡሎም ገንዘብ ኣብ ወጻኢ መቺእዎም ዝነብሩ፡ ከምዚ ሎሚ ከይኮነ ትማሊ ወያነ ኩናት ገይራ ናይ ኤርትራ ስልጣን ኣብ ኢዶም ከተረክቦም ዝሓለሙን ዝተመነዩን፡ ኩነታት ተቓያይሩ መሬት ሰላም ኮይኑ ተስፍኦም ተጸንቂቑ ኣብ ዓቕሊ ጽበትን ጭንቀትን ይርከቡ። ኩሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝገበርዎ ጥልመትን ክሕደትን ምሕረት ክጥየቕሉ ዘይከእል ገበን ስለ ዝኾነ ክሳብ ግብኣተ ሞቶም ክቕጽልዎ ኢዮም። ንወያነ ዝኣመነን ማይ ዝሓቖነን ሓደ ኮይኑ ኣሎ።
2. **ብዘይምፍላጥ ብድንቁርና፣** ኣንጻር ናይ ገዛእ ረብሕኦምን ኣንጻር ሃገሮምን ህዝቦምን ዝገበርዎ ዕንወት፡ ከይተረድኦም ቀጥታ ናይ ጸላኢ መሳርሒ ዝኾኑ፡ ዝኾነ ረብሓ ዘይብሎም ዋላ ንኽጽይቑ ሳንቲም ዘይከፈሉ፡ ተጎታትቲ ግዳያት ናይ ድሑር ትሕቲ ሃገራዊ ዝኾነ ስምዒታት፡ ንዝኾነ ሓሶት መንቀሊኡን ዕላምኡን ከይተመራመሩ ዝኣምኑን ዝቕበሉን የውሃት ደቂ ሃገር ክኾኑ ከለዉ፡ ገለ ዉሑዳት ከኣ ርእስ ተኣማምነት ዘጥፍኡ ናይ መንነት ቅልውላው ዘለዎም ምስ ነብሶም ዝተብኣሱ፡ ገሊኦም ውን ተዛረብቲ ቛንቋ ትግርኛ ብምኻኖም ከም ኤርትራውያን ተመሲሎም ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ተሓዊሶም ሓዊ ዘሳውሩ ውዲታውያን ልኡኻትን ሰለይትን ናይ ወያነ ይርከብዎም።

   እዞም መብዛሕትኦም ኣብ ምዕግርጋር ዝርከቡ መንእሰያት፡ ድሕሪ ናጽነት ዝተወለዱ ገሊኦም ውን ኣብ ግዜ ናጽነት ሕጻናት ዝነበሩ ነቲ መሪር ዘመን ናይ ብረታዊ ቓልሲ ዘየርከብሉን ዘይፈልጥዎን ኢዮም። ታሪኽ ጅግንነት ናይ ወለዶምን ናይ ዓበይቲ የሕዋቶምን ብግቡእ ዝርድእዎ እንተዝነብሩ፡ ንድሕሪት ምልስ ኢሎም ውን ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ንመንነቱን ባህሉን ንምጥፋእ ብዝተፈላልዩ ገዛእቲ ዝወረደ በደላት ዕንወታት ግፍዕታት እንተዘንብቡ፡ ንውዲታት ጸላእቲ ንምፍላጥ ኣይምተሸገሩን፡ ካልእ ውን ኣምር ኣካይዳ ናይ ዓለም ፖሎቲካ መባእታዊ ፍልጠት እንተዝህልዎም፡ ኤርትራ ሓዳስ ውልዶ ሃገር ኣብ ርእሲ ምኳና ኣብዚ 20 ዓመት ዝሓለፈቶ ኩናትን ሓውሲ ኩናትን ጽንኩር ኩነታት ከዛምዱ ብዘይምኽኣሎም፡ ካልኦት ኣብ ርእሶም ብዘስፈሩሎም ሞዴል ናይ ካልኦት ቀዲሕኻ ውድዓዊ ኩነታት ከየገናዘብካ “ደሞክራሲ ምርጫ ወዘተ እናበልካ ምህውታት፡” (ደሞክራሲ ቅዋም ምርጫ ወ.ዘ.ተ ውድዓዊ ኩነታት ኣብ ዘፍቀዶ ግዜኡ ሓልዩ ክመጽእ ምኳኑ ከይሰሓትኩ) ኣብ ልዕሊ ኢራቕ፡ ሊብያ ፡ሶርያ፡ ሶማል ወዘተ ዝወረደ እኹል መምሃሪ ምኾነ።

ስለዚ በዞም ሰኣን ፍልጠቶም ዝግበር ጉድለት ይቕረ ክበሃሎ ዝከኣል ስለ ዘኾነ፡ ኣብ መስመሮም ተመሊሶም ምስ ተቓላሳይ ህዝቦም ተሓዊሶም ኣብ ልምዓት ሃገሮም ግዲኦም ክበርክቱ ይግባእ። ሎሚ እናርኣየ ክዓውር እንተዘይደልዩ፡ ሃገርና ኤርትራ ሳላ ጽንዓት ህዝባን ጅግና ሓይልታት ምክልኻላን ኣርሒቑ ዝጥምት መንግስታን፡ ንኹሉ ንጥፍኣታ ዝተኣልመ ዓለማዊ ውዲታት ገጢማ ስዒራ ሉኡላውነታን ክብራን ኣውሒሳ ናብ ልምዓት እትምርሽ ዘላ ናይ ትማሊ ውልዶ ሃገር ኢያ።
እዞም ትማሊ ብጀካ ሓንቲ ክላሽኖምን ኣብ እግሮም ዝተለጋገበ ሽዳን ኣብ ዝባኖም ዝነበረ ጥውያ ነጸላን (ክሹኽ) ሒዞም ናጽነት ዘረከቡና ጀጋኑ ተጋደልቲ፣ ንሓንቲ ብኩናት ዝተዳህከት ቁጠብኣ ትሕቲ ዜሮ ዝወረደት ሃገር፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ተኣምራታዊ ልምዓት ወይ ሃብቲ ከምጽኡልካ ምሕሳብ ዕሽነት ጥራይ ኢዩ ተባሂሉ ክሕለፍ ዝከኣል፡ ምኽንያቱ ኩሉ ብጻዕርን ስራሕን ብጽንዓትን ስለ ዝረጋገጽ።

ከምቲ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝተመነዮ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሰላም ረኺቡ እንተዝኸውን ካብ 1991 ክሳብ 1997 ዝነበረ ቅልጡፍ ናይ ዕቤት ልምዓትን ግስጋሴን ሎሚ ኣበይ ምበጽሓና ኢልካ ምሕሳብ ባህርያዊ ኢዩ፡ እንተኾነ ብቕንእን ተንኮልን  ዝሓመማ ሓሳዳት የዒንቲ ጸላእትና በለጹና ብምባል ምኽኒት ፈጢሮም ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘይተጸበዮ ኩናት ኣዊጆምልና፡ ኣብ ዓውዲ ኩናትን ኣብ ቤት ፍርድን ተሳዒሮም ከብቅዑ፡ ካብ መሬትና ምውጻእ ኣብዮም ን20 ዓመት ዝተፈላለየ ሓሶትን ተንኮልን እናኣለሙ ምስ ጎይተቶምን ዘረይቶም ኮይኖም ዘይፍትሓዊ እገዳ ብምእዋጅ ብኢድናን ጎሮሮናን ክሓንቁናና ፈቲኖም ንዕቤትና ኮሊፎም ቁጠባና ንድሕሪት ከም ዝምለስ ገይሮምዎ፡ ከም ሳዕቤኑ ናይ ዕስራ ዓመት ዕድላት በኺኑ እቲ ኣፍራይ መንእሰይ  ግዳይ ኮይኑ ዓዱ ገዲፉ  ክስደድን ክርተትን ክብል ተገዲዱ። ሎሚ ከኣ ኣብ መቐለ ተሓቢኦም ብኣፎም ደለይቲ ሰላም ክመስሉ የሕዋትና ይብሉ ብግብሪ ከኣ ሰላምና ንምዝራግ ብዝኸፍኣን ብዝገደድን በተን ዝሰረቕወን ገንዘብ ክሳብ ዝውድኣ ንኹሉ ተጻብኢታት ውዲታትን ከዳዓትን ዑሱባትን ኣዋፊሮም ኣንጻር ህዝብና ስነኣእምራዊ ኩናት ይቕጽልዎ ኣለዉ Digital Weyane።

መንእሰይ፣ ኣብዚ ዘለኻዮ  መድረኽ ክልተ ምርጫ ኣለካ፣

1. እቲ ቀዳማይ ምስ ሃገርካን ህዝብኻን መንግስትኻን ደው ምባል - ኣንጻር ሕድሪ ሰውኣት ትኸይድ ከም ዘለኻ ተረዳእ፡ **ጌጋ ይኹን ቅኑዕ ቅድም ሃገረይ** - ክትብል ይግባእካ።
2. እቲ ካልኣይ ምስ ጸየቕትን ከዳዓትን ምስ ጸላኢ ምስ ወያነ ደው ምባል።
   ሳልሳይ ምርጫ ዝብሃል ብሃገር ምጽዋት የለን፡ ኣብ ጉዳይ ሃገር ክዝሕለካ ብኢድካ ክውዕየካ ብማንካ ኣይሰርሕን'ዩ።
   ኣብ መጨረሽታ መንእሰይ ብመጸኢ ዕድልካ ኣይትጣላዕ፣ ባዕልኻ ብሓንጎልካ ሓሲብካ ወስን ደድሕሪ ዝጸደፉ ኣይትኺድ፣  ጀጋኑ ኣያታትካ ዘምጽኡልካ ሃገር ኣለኹልኪ በላ፡ ሃገር ንዓኻያ ትጽበ ዘላ ናትካ'ያ፣ ጽባሕ ግዜ ምስ ሓለፈ ከይትጠዓስ ሓደራኻ።

- **መሬታ ለሚዑ፡ ሰማያታ በሪሁ**
- **ቆጽሊ ኣውላዕሊዑ፡ ሓምላይ ደሚቑ**
- **ሩባታት ነቲዑ፡ ዲጋታት መሊኡ**
- **መንእሰይ ኤርትራ፡ ሓይሉ ተርኒዑ**
- **ንማእቶት ወፊሩ፡ እጅጉ ሰብሲቡ**
- **ብሕልሚ ኣይኮነን፡ ብስራሕ'ዩ ተበጺሑ**
- **ሕሰም መከራ፡ ግዜኡ ኣብቂዑ።**

ዓወት ንሓፋሽ !!
ፋሲል ቀለታ (ሚላኖ)
27/01/2020